
## **ታሪኽ ህውሓት**




ጽጋብ ዝጾሮ እንተዘይረኺቡ መልሱ ንሕስያ የብሉን። ብፍላይ ብቕጥፈትን ሓሶትን ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተረኽበ ሃብቲ እንተኾይኑ፡ ሳዕቡኑ ክንዮ ደቂ ሰባት ንግምቶን ንሓስቦን እዩ። ኣብ ዘመና ዓይንና ዝመስከሮ ብጽጋብ ተሸንዲሑ ባይታ ዝዘበጠ ጁንታ ሪኢና ኣሎና። እቲ ዝኸፍኤ ሳዕቡኑ ንህዝቢ ትግራይ ምልካሙ እዩ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ትግራይ እንተስ ካብ ድንቁርና ወይ ፍርሂ በዛ ጮማ በሊዓ ብዊስኪ ኣፋ ትጉጽጉጽ ዝነበረት ወያኔ፥ ሕጂ ሓመድ ትልሕስ ዘላ ክግዛእ ምምራጹ ዘደንጽው'ዩ።

ኲሉ ሰብ ካብ ቀዳሞት ወለዲ ባህላዊ ውርሻ እናተቐበለን ንዝስዕብ ዎሎዶ እናተሓላለፈን እዩ ዝነብር። ሙብዛሕትኡ ንሰላምን ፍቕርን፡ ምክብባርን ምትእምማንን፡ ለውሃትን ምትሕግጋዝን፡ ሓቅን ርትዕን እዩ ዘውርስ። ብዛዕባ ተጸዋዕቲ ተጋሩ ግን ኮምኡ ኣይኮነን። ብጣዕሚዩ ዘገርም።




ኣብ ታሪኽ ብዙሕ ከይኣተኹ እቲ ተንኮል መሳፍንቲ ትግራይ እናተዋራረሰ ክመጽእ ድሕሪ ምጽንሑ፡ እዞም ናይሕጂ መሳፍንቲ ወያነ እቲ ጥውጥዋይ ልቦም ካብ ናይ ኣቦታቶም ብዝገደደ ይቕጽልዎ ኣለዉ። እቲ መግደዲኡ ቀዳሞት መሳፍንቲ ትግራይ ራስያን ጽልእን ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ክኸውን ከሎ፡ እዞም ናይሕጂ ግን እንኮላይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ

ኢትዮጵያ፡ ዝኸፍኤ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ናህና ዝብልዎ ህዝቦም ዝፍጽምዎ ዘለዉ ግፍዒ ብልክዕ ነቲ ዝነበረ ጥውይዋይ ልቢ መሳፍንቲ ሓኽሊ ምሳር ወሲኾምሉ።

ካብዚ ንርድኦ ነገር እንተሎ ኣብ ትግራይ ዝኾነ ኣብ ስልጣን ዝመጽ ካብዚ ዝተገልጸ ታሪኾም ዝፍለ ክኸውንዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ስለዚ ቀዳሞት ኣቦታትና ንልቢ ትግራይ ሕርሕራይ ጌሮም ስለ ዝፈለጥዎ፡ ዝኾነ ሰብ ዝተማህረ ይኹን ዘይተማህረ፡ ዓቢ ይኹን ንእሽቶይ፡ ለባም ይኹን ዓሻ፡ ተባዕታይ ይኹን ኣንስታይ፡ ክፍኣት ተጋሩ ክሳብ ክንደይ ምኧኑ ታሪኽ ዝምህር ጽርግያ እዩ። ክፍኣት ዘለዉ ይኹን ዝሓለፉ መሳፍንቲ ትግራይ፡ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ድኽነት ከምዘይዎጹ ጥራሕ ዘይኮኑ ተጸላእቲ'ውን ገሮምዮም። ሎሚ ግን ተግባር መስፍናዊት ወያነ፡ <u>ክትብገስ ከላ ብላይ ጨርቂ</u>፡ <u>ድሕሪ 17 ዓመት ቃልሲ ወርቂ</u>፡ <u>ሕጂ ከኣ ቁልቁልኣፉ ናብ ብላይ ጨርቂ</u> ተመሊሳ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡  
ዓወት ንሓፋሽ፡  
ገብረንጉስ መስመር፡